## ሚኒስትሪ ዘቤታዊ ጉዳያት ዓባይ ብሪጣኒያ

## ንኤርትራውያን ሓተቲ ፖለቲካዊ ዕቑባ ዝዓግት መምርሒ ኣውጺኡ።

ካብ ዕለታዊ ጋዜጣ ዘጋርዲያን ዝተወሰደ

ትርጉም፡ ፈነወ ረድዮ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ

ኣብ'ዚ እዋን ኤርትራ ብሓደ ካብ'ቶም ኣብ ዓለምና ዝጨከኑ ስርዓታት ትምራሕ ምህላዋን ህዝቢ ኤርትራ ድማ ናይ ቀጥታዊ ባርነት ህይወት የሕልፍ ምህላውን ዝተሰነደ ሓቂ'ዩ። ይኹን 'ምበር ሚኒስትሪ ዘቤታዊ ጉዳያት ዓባይ ብሪጣኒያ ዝተለሞ ንድፌ ከም ዝሕብሮ፡ ነቶም ካብ ከም'ዚ ዝበለ ጨካን ስርዓት ኣምሊጦም፡ ኣብ'ዛ ሃገር ፖለቲካዊ ዕቑባ ዝሓቱ ዘለው ኤርትራውያን ሕቶኦም ክስማዕ ዘይደሊ ምዃኑ'ዩ። ክኢላታት ሚኒስትሪ ዘቤታዊ ጉዳያት ዓባይ ብሪጣኒያ ነዚ ምርጫ'ዚ ዝወስዱ ዘለው፡ ኣሰቃቒ ህልዊ ኩነታት ኤርትራ ህዝባን ብምዝንጋዕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሃገሮም ዘሎ ቁጽሪ ሓተቲ ፖለቲካዊ ዕቑባ ስለ ዝበዝሐን ከጉድልዎ ስለ ዝደለዩ'ዮም። ኣብ'ዚ ከም ሓደ ኣገዳሲ ነጥቢ ክፍለጥ ወይ ክዝከር ዘለዎ ግን፡ እዚ ንድፌ ብዙሓት ኣባላት እቲ ሚኒስትሪ ዘይተቐበልዎ ምዃኖም'ዩ።

ካልእ ትኹረት ዘድልዮ ኣገዳሲ ጉዳይ'ውን ኣሎ'ዩ። ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ናይ 2014 ኣብ መንጎ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ስርዓት ኤርትራን ብጸሓፊ ጉዳይ ስደተኛታት ዓባይ ብሪጣኒያን ኣቶ ጀይምስ ሻርፐ ዝምራሕ ልኡኽ መንግስቲ እንግሊዝን ኣብ ርእሰ ከተማ ኤርትራ ኣስመራ ክልተኣዊ ኣኼባ ተኻይዱ ምንባሩ'ዩ። እዚ ሕጂ ብመንግስቲ ዓባይ ብሪጣኒያ ቀሪቡ ዘሎ ምእጋድ ኤርትራውያን ሓተቲ ዕቁባ ዝብል ሓሳብ ምንጩ ካብ'ዚ ዝተገልጸ ክልተኣዊ ርክብ ኮይኮነ ኣይተርፍን ዝብል ብሰፊሑ የዛርብ ኣሎ።

ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ከም ዘሎ ስርዓት ኣስመራ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ዓለምና ዘለው ዝኸፍኡ ስርዓታት'ዩ። እዚ ስርዓት ዝፍጽሞ ጥሕሰት መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ዕምቆቱ መግለጺ ዝርከቦ ኣይኮነን። ደላዪ ሰላም ማሕበረ ሰብ ዓለም ሰኪሑሉ ዘሎ ሓቂ'ዩ። እዚ ግን ንኣምባሳደር ዓባይ ብሪጣኒያ ኣብ ኤርትራ ዴቪድ ዎርድ ዘሰክፍዎ ኣይመስልን። ሕማሙ ኤርትራውያን ሓተቲ ፖለቲካዊ ዕቑባ ናብ ምድሪ ሃገሩ ከይረግጹ ምግባር ጥራሕ'ዩ ዝመስል።

መንግስቲ ለንደን ገበረ እንተተባህለ፡ ዋሕዚ ኤርትራውያን ስደተኛታት ንምዕጋት ንስርዓት ኣስመራ ገንዘብ ምሃብ'ዩ። ስርዓት ኣስመራ'ውን ገበርኩ እንተበለ ብዛዕባ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግብራውነት ዘይብሉ ቃላት ምድርባይ'ዩ። ንስርዓት ኣስመራ ከም'ዚ ዓይነት መደናገሪ መግለጺታት ምሃብ ኣየጸግሞ ኣየሕፍሮ። ብደረጃ ዓለም ዝነጥፉ ተኸታተልቲ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት፡ ዜጋታትን ህዝብታትን ኤርትራ ኣዝዩ ዝኸፉእ ህይወት የሕልፉ ከም ዘለው ደጋጊሞም ክገልጹ ጸኒሖም'ዮም። እንተኾነ እቲ ጥሕሰት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናኸፉአ ክኸይድ ደኣምበር ናይ ምምሕያሽ ተስፋ ግን የብሉን።

ሕጂ ሰበ-ስልጣን ውሽጣዊ ጉዳያት ዓባይ ብሪጣኒያ ጉዳይ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፡ እቲ ግህሰት ኣሎ ተባሂሉ ዝቐርብ ክስታት ዝተጋነነዩ ኢሎም ከእምኑና'ዮም ዝፍትኑ ዘለው። ካብኡ ሓሊፎም ከኣ ቁጽሪ ናብ'ታ ሃገር ማለት ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዝኣትው ኤርትራውያን ሓተቲ ፖለቲካዊ ዕቑባ ቅድም ክብል ካብ ዝነበሮ ኣዝዩ ክቕንስ ምውሳኖም'ዩ። ድሮ ናብ 60% ለጠቕ ኢሉ ኣሎ። ኣብ ወደብ ካለ ፈረንሳ ዝነበሩ ኤርትራውያን ትሕቲ ዕድመ ህጻናት ንኣብነት ናብ እንግሊዝ ከይኣትው ተኸልኪሎም'ዮም። ኣኽባሪት ሕጊ መንግስቲ እንግሊዝ ወ/ሮ ኣሊሶን ፒክኣፕ ከም'ዚ ኢላ ነይራ። መንግስቲ እንግሊዝ ብሃታ ሃታ ምስራሕ ከቋርጾ ኣለዎ። ሓበሬታ፡ ትርጉም ዘለዎ ሓበሬታ ክኸውን ዝኽእል ብመርተዖ ዝተደገፍ ምስ ዝኸውን'ዩ። መንግስቲ ንኩነታት ኤርትራውያን ሓተቲ ዕቁባ ረጋእ ኢሉ ክጽንዖ ኣለዎ። ብሃታ ሃታ ምስራሕ ጽቡቕ ኣይኮነን። እዞም ካብ ወደብ ካለ ናብ እንግሊዝ ከይኣትው ዝተኸልከሉ ኤርትራውያን ህጻናት፡ ከኣትው ዘኽእሎም ምሉእ መሰል ነይርዎም'ዩ። እቲ ፍታሕ ግን ኤርትራውያን ከይኣትውኻ ምኽልካል ዘይኮነስ፡ ቅድሚ ዝኾነ ፖለቲካ ኤርትራ እንታይ ይመስል፡ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት እታ ሃገር፡ ብመንግስቲ ኢሳያስ እንታይ ይፍጸም ሓቲትካ ርትዓዊ መልሲ ክትረኽበሉ ምጽዓር'ዩ ኢላ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 27-01-2017